# ስሩዕ ህይወት ዘይብሉ ስሩዕ ሰራዊት፡

ኣብ'ዛ ብምሒር ነገራዊ ስሰዐ ውሑዳት ትሕቆን ትሕመስ ዘላ ዓለምና፡ ካብ ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም ዝምንጩ፡ መሰሉን ግብኡን ብንቕሓት ዝተረደአ፡ ካብ ህዝቢ ዝወጸን ተመሊሱ ንህዝብን ህዝባዊ ቅዋምን ዘገልግል ሓያል ዘመናዊ ሰራዊት ምህናጽ ምርጫ ዘይኮነ ግዴታ'ዩ። እወ ውሽጣዊ ሓድነት ዘላሕልሕ፡ ቁጠባ ዝርምስ፣ ንግዳማውያን ወረርቲ ዝዕድም ጸረ-ህዝቢ ፖለቲካዊ ባህርን ፖሊስን ብምውጋድ፣ ንኹሎም ዜጋታት ብማዕረ ዘተኣናግድ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቅዋም ምቕራጽ፣ ልኡላውነት ህዝቢ ብኣረኣእያን ተግባርን ምርግጋጽ፣ ነዚ ዝተረደኣን ዝሕሉን ዘመናዊ ወተሃደራዊ ትካል ምውናን ውሕስነት ህልውና'ዩ። ብርግጽ ከኣ ከም'ዚ ዝበለ ፖለቲካዊ መርገጽን ወተሃደራዊ ትካልን ዘለዋ ሃገር ብቐሊል ኣይትድፈርን። ብኣንጻሩ በዚ መስርሕ'ዚ ዝሓለፈ ሰራዊት ዘይትውንን ሃገር ተ'ኹታ'ኹኣ ክበዝሕ፡ ህዝባ ኮነ ልኡላዊ መሬታ ክድፈር ክርገጽ ምርኣይ ኣየገርምን።

ኣብ ባህሪኡ፡ ተልእኾኡ፡ ሕጋዊ ትካላዊ ኣሰራርሓኡ፡ ስጥመት ውዳቤኡ፡ ህዝባዊ ወገናውነቱ፡ ውሽጣዊ ደሞክራስያዊ ህይወቱ ዘሎ ኣፈላላይ ከይዘንጋዕና፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝህነጽ ሰራዊት ስሩዕን ዘይስሩዕን ተባሂሉ'ዩ ዝምደብ። እቲ ስሩዕ ሰራዊት ምሉእ ንምሉእ ተልእኾኡ፡ ሞያኡ፡ ማሕበራዊ ውሕስነቱ ኣብ ወተሃደርን ወተሃደርነት ዝተመስረተ'ዩ። ዘይስሩዕ ሰራዊት ድማ ብከፊል ወይ ገለ ባህሪያውን ሰብ ዝሰርሖን ሓደጋታት እንኪጋጥም ተጸዊዑ ዝሰርሕ ክፍሊ'ዩ።

ብቕጥታ ኣብ ሃገርና ዘሎ ኩነታት እንታይ ይመስል ምስ እንምልከት ድማ፡ ሕጋውነቱ፣ ተልእኾኡ፣ ወገንነቱ፣ ጭቡጥ ማሕበረ ፖለቲካዊ ህይወቱ ብሽምኡ የግልጾዶ ኣየግልጾን ዝብል ኣገዳሲ ሕቶ ንግዝይኡ ወንዚፍና፤ እንኮ-ሰባዊ ዘቤታዊ ገዛኢ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ( ይከኣሎ) እናበለ ዘላግጸሉ እኩብ ሰራዊት፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት (ዋርሳይ)ን ዕቑር ሰራዊት እናበለ ዝጥብሮም ዘይስሩዓት ክፍልታት ከም ዘለው ይፍለጥ። ኣብ'ዚ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ዕቑር ሰራዊትን ዝምደቡ ዜጋታት፡ ብመንጽር ዝኸፍልዎ ዘለው ዋጋ፡ ካብ'ቲ ስሩዕ ሰራዊት ዝበሃል ፕሮፖጋንዳዊ ኣጸዋውዓ ዝተፈልይሉ ምኽንያት ብሩህ ኣይኮነን። ብዝኾነ ንሕጂ ነቶም ኣገልግሎትን ዕቑር ሰራዊትን ዝበሃሉ ብርእዮ ሓዲግ ዝኾኑ ክፍልታት ንገኒ ገዲፍና፡ ኣብ'ቲ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እናተባህለ ዝዋጠየሉ እኩብ ሰራዊት ዘድሃበ ሓቅታት ንርአ።

ህዝቢ ዝመሓደረሉ፡ መንግስቲ ድማ ዝቖመሉን ዝመርሓሉን ገዛኢ ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም ኣብ ዘይብላ ሃገረ ኤርትራ ኣሎ ዝበሃል ሰራዊት ናይ መን'ዩ? ናይ ህዝቢ ወይስ ናይ ውልቀ ሰብ? ብኸመይ ዝቖመ? ንመን ከገልግል ዝቖመ? ኣብ ክሊ እቲ ዘለዎ ትካል ማሕበረ ፖለቲካዊ ህይወቱ ብከመይ ዝመርሕ ስሩዕ ሰራዊት ...ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ምስ እነልዕል ብሓቂ ስሩዕ ሰራዊት፡ ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ምዃኑ ዘረጋግጽ ጭቡጥ መረዳእታ ኣይንረክብን።

ብህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም ኣብ ዝመሓደራ፡ ብደሞክራስያዊ ምርጫ ኣብ ስልጣን ብዝወጽኡን ዝወርዱን መንግስታት ኣብ ዝምረሓ ሃገራት ምስ ዘሎ ኣቃውማን ተግባርን ስሩዕ ሰራዊት ምስ እነነጻጽሮ ፈጺሙ ዘይራኸብ ከብድን ሕቆን ኮይኑ ኢና ንረኽቦ። ምኽንያቱ ኣብ ኤርትራ ኣሎ ዝበሃል ስሩዕ ሰራዊት ካብ ፕሮፖጋንዳ ዝሓልፍ ትካላዊ ውሕስነት ኮነ ስሩዕ ማሕበራዊ ህይወት የብሉን። ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ከመይ ክጣየስ ከምዘለዎ? ውትህድርና ልክዕ ከም'ቲ ካልእ ዓውድታት ብምርጫኻ ክትኣትዎ ዘለካ ክቡር ሞያ ምዃኑ፡ ንመን ከገልግል ከምዘለዎ? ህላወ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቅዋም ኣብ ሓንቲ ልኡላዊት ሃገር ዘለዎ ረብሓን ትርጉምን ብልክዕ ይርዳእ'ዩ ክትብል ኣየድፍርን። እዚ ሰራዊት'ዚ ህዝባዊ ክብሪ ዘይኮነ ሃገር ዝብል ግልቡጥ መንነት'ዩ ዘቑድም። ህዝባዊ ቅዋም ዘይኮነ መንግስቲ ዝበሃል ጥራሕ'ዩ ዝፈልጥ፡ ንናይ መን ረብሓ ዘይኮነ ተበግሶ ጥራሕ'ዩ ዝፈልጥ። ብልዕልና ስነ-ሓሳብ ዘይኮነ ብስነ-መነት ሓይሊ'ዩ ዝምራሕ። ስለዚ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ኣሎ ዝበሃል ሓይልታት ምክልኻል በዚ ዝተሃነጸ ስማዊ ሰራዊት'ዩ።

ከምኡ እንተዘይኸውን፡ ንክብሪ ሓደ ሰብ ክብል ህዝቡ ኣይመርዓደን። እሰር ዝተባህሎ ኣይምኣሰረን። ቅተል ዝተባህሎ ኣይምቐተለን። ውረር ዝተባህሎ ኣይምወረረን። እዚ ስማዊ ስሩዕ ሰራዊት'ዚ ኣይኮነን ናይ ህዝቢ ክብሪ ክዕቅብ ናይ ገዛእ ርእሱ መሰረታዊ መሰላት ኣየኽብርን። መንግስቲ ኢሉ፡ ኣዚዙ፡ እናበለ ብዘይ ሕቶን ርእይቶን ከም ተባዕታይ ኣድጊ ክርህጽ፡ ንከንቱ

ህይወቱ ክኸፍል ዝረዓመ እኩብ በዓል ብረት`ዩ። መበገሲ ወርሓዊ ደሞዙ ክንደይ ክኸውን ከም ዘለዎ፣ ዓመታዊ ክንደይ ክውስኽ ከምዘለዎ፣ መሰልል ናይ መዓርግ ዕቤት ከመይን ብመንን ከም ዝውሰን? መዓስ ጥሮታ ይወጽእ? ኣብ ህይወቱን ህይወት ስድራ ቤቱን ናይ ጥዕና ጸገማት እንከጋጥም እቲ ቆይምሉ ዘሎ ትካል እንታይ ክገብረሉ ከም ዘለዎ? ኣፍልጦ የብሉን ወይ መሰሉ ክሕታት ድፍረት የብሉን። ነዚ እቲ ዘሕልፍዎ ዘለው ህይወት ምስክር`ዩ። ኣገልግሎቶም ምስ ስሞም ዝኸይድ ኣይኮነን።ኣብ ሞጓሰ እንስሳ፣ ህንጻት ኣባይቲ፡ ሕርሻን ካልእ ግዱድ ጊላዊ ስራሓት ናይ ጀነራላት፡ ኣመሓደርትን ሚኒስተራትን ተዋፊሮም ጉልበቶምን ግዜኦምን ንከንቱ ዘባኸኑ`ዮም። ኣሓቶምን/ኣሕዋቶምን ክገፉ፡ ተኲሶም ክቐትሉ እንክእዘዙ ስለምንታይ ኣይብሉን። ስለምንታይ ገዛእ ርእሶም ዝረስዑ፡ እናሞቱ ሞት ዝፈርሑ ፖለቲካዊ እንዶ ዘይብሎም ናይ ምልሻ ክብሪ ዘይብሎም እኩባት ሰብ ብረት ስለ ዝኾኑ።

ልኡላውነት ህዝብን ሕግን ኣብዘይብላ ሃገር፡ ኣብ ዘይምልከተካ ኣይትእቶ ዝተበሃልካዮ ጥራሕ ፈጽም ብዝብል ዝንቡዕ ኣስተምህሮ ብጅሆ ዝተታሕዘ ዕጡቕ ክፍሊ፡ ናይ ውልቀ ሰብ ሰራዊት `ምበር፡ ብዝኾነ መምዘኒ ስሩዕ ሃገራዊ ሰራዊት ክኸውን ኣይክእልን። ምኽንያቱ፡ ሓቀኛ ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ነቲ ዝቕመሉ ትካል ብደረቕ ትእዛዝ ኣየገልግልን። መን ኢልዎ? ስለምንታይ ኢልዎ? ብግቡእ ክይተረደአ ህይወቱን ህይወት ህዝቡን ናብ ፍጹም ውድቀት ኣብ ዘእቱ ኲናት ብስምዒት እናጎየለ ኣይኣቱን። ንቒሕ መሰሉ ዘኽብር ሰራዊት፡ ንዝወርደሉ መመርሒታት ንህዝቢ ብዘለዎ ረብሓ ተረዲኡ`ዩ ዝምእዘዙ፡ ዝወፍረሉን ዝስወኣሉን። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ኣሎ ዝበሃል ሰራዊት `ምበኣር ብሕጊ፡ ብንቕሓት ኮነ ብተግባር ናይ ስሩዕ ሰራዊት ኣቃውማ ዘይብሉ ስማዊ ሰራዊት`ዩ።

**ክብሮም ከሰተ**

**ኣባል ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ)**

12 ጥሪ 2025